
# ናይ ጥዕና ትልሚ ካርድ


ኣብ Apple Health ካብእትምዝገብ ኣብ ሒደት ሰሙናት ካብ ማኔጅድ ኬር ናይ ጥዕና ትልሚ መለለይ መንነት ካርድ ክትረክብ ኢኻ። ባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎትካ ክሽፋኑልካ እዮም ከምኢእውን ብዛዕባ እዞም ኣገልግሎታት ምርካብ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህቡ እዮም። እዚ ካርድ ኣቐምጥዎ።


ናብ ባህርያዊ ጥዕና ኣቕረብትኻ ክትከይድ እንከለኻ ናይ ኣልግሎት ካርድን ናይ ትልሚ መለለይ ካርድን ሓዝ። ብተወሳኺ እውን ናይ መለለይ መንነት ፎቶ ክድልየኩም እዩ።













# ካርድኻ ቅድሚ ምምፅኡ ናይ ጥዕና ክንክን ኣገልግት እንተድኣ ደሊኻ

ካርድታትካ ቅድሚ ምብጻሖም ናብ ናይ ባህርያዊ ጥዕና ክንክን ኣቕራቢ ክትከይድ ምስእትደሊ ናይ ምዝገባ ደብዳቤኻ ሓዝ። እቲ ኣቕራቢኻ ኣብ ውሽጢ ናይ ትልሚ ኔትዎርክ ክሳዕ ዝኾነ (ምስ ናይ ጥዕና ትልምኻ ውዕሊ ዘለዎ) ናብ ዝኾነ ሓኪም፣ ናይ ጥዕና ክልኒክ ወይ ፋርማሲ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ናይ ኣቕርብቲ ዝርዝር ንምርካብ ናይ ጥዕና ትልምኻ ርኸብ።

ዋላኳ ናይ ኣገልግሎት ካርድ ወይ ናይ ጥዕና ትልሚ ካርድ እንተዘይተቐበልካ ሓገዝ ንምርካብ ናብ ጥዕና ትልምኻ ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ንስኻ (ወይ ውላድካ) ናይ ጥዕና ትልሚ ኣባላት ኣገልግሎት ቁፅሪ ርኸብ፡

- ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኣገልግሎት ክትረክብ እንተድኣ ደሊኻ።
- ብዘይጉብዕ ኣጠቓቕማ ፈውሲ ዝመጽዕ ሕማም ክንክን ክትረክብ ምድላይ።
- ምስ ናይ ጥዕና ትልሚ ፀገም እንተድኣ ኣለካ።
- ኣቕራቢኻ ምቕያር ምድላይ
- ናይ ጥዕና ትልሚ መለለይ መንነት እንተድኣ ጠፊእካን ካልእ እንተድኣ ደሊኻ።
- ፍሉይ ናይ ጥዕና ክንክን ድልየት ኣለካ (ወይ እቲ ህፃን ኣለዎ)።

## ክንክን እንተድኣ ደሊኻ

| | |
|---|---|
| ናይ ኣእምሮ ጥዕና | ናብ ባህርያዊ ጥዕና ትልሚ ወይ ኣእምሮዊ ጥዕና ኣቕራቢኻ ደውል:: |
| ብዘይግቡዕ ኣጠቓቕማ መድሓኒት ንዝመጽእ ሕማም ዝዋሃቡ ኣገልግሎታት ሕክምና | ናብ ባህርያዊ ጥዕና ትልሚ ወይ ብዘይግቡዕ ኣጠቓቕማ መድሓኒት ንዝመጽእ ሕማም ዝዋሃቡ ኣገልግሎታት ሕክምና ወሃባይ ደውል:: |
| ካብ ስራሕ ሰዓት ወፃእ ናይ ገዛ ክንክን | ብመዓልቲ 24 ሰዓት ብሰሙን ሸውዓተ መዓልቲ ናይ ባህርያዊ ጥዕና ነርስ ናይ መማኸሪ መስመር ደውል:: |
| ሓደጋ | ረኣይ **hca.wa.gov/mental-health-crisis-lines** |
| ናይ ሓደጋ እዋን ክንክን | ናብ 911 ደውሉ ወይ ናይ ሓደጋ እዋን ኣቐረብቲ ክሕግዝኹም ናብ ዝኽእሉ ኣብ ቀረባኹም ናብ ዝርከብ ከባቢ ክዱ: : ብዝተኽኣለካ ፍጥነት ንስኻ ወይ ካልእ እትፈልጦ ሰብ እዚ ሓደጋ ሪፖርት ንምግባር ናብ ባህርያዊ ጥዕና ደውል: : እዚ ብመዓልቲ 24 ሰዓትን ብሰሙን ሸውዓተ መዓልትታት ድልው እዩ |
| ካብ ገዛ ወፃእ ክንክን | ናይ ሓደጋ እዋን እንተዘይኮይኑ፣ በቲ ኣብ ናይ ትልሚ መለለይ መንነትካ ብዘሎ ናብ ባህርያዊ ጥዕና ወይ ናብ ነርስ መማኸሪ መስመር ደውል |

## ብዘዕባ ኣካላዊ ጥዕና ክንክን ጥቕምታት ከ?

ናይ ባህርያዊ ጥዕና ትልሚ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኣገልግሎትን ብዘይግቡዕ ኣጠቓቕማ መድሓኒት ንዝመጽእ ሕማም ዝዋሃቡ ኣገልግሎታት ሕክምና ኣገልግሎት ጥራሕ ይሽፍን:: ኣካላዊ ጥዕና ኣገልግሎትካ ብኻልእ መንገዲ ትረክብ፣ ከምዚ ዝስዕብ:

- Medicare ወይ ውልቃዊ ኢንሹራንስ
- Apple Health ማነጅድ ኬር ናይ ጥዕና ትልሚ ብዝተፈለየ መልክዑ ኣብ ናብዮት ንዝለው ህፃናት (ዝተዋደደ ናይ ዋሽንግተን ክንክን)::
- ናይ ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ናይ ጉዳይ ምሕደራ (PCCM) መደብ:: ብኢንድያን ናይ ጥዕና ማእኸል ኣቢሉ PCCM ዓማውል ኣካላዊ ጥዕና::
- ብዘይ ማነጅድ ኬር ትልሚ Apple Health ሽፋን::

ናይ ባህርያዊ ጥዕና ትልምን ኣካላዊ ጥዕና ክንክን ሽፋን ብሓባር ናይ ምሉእ ሰብ ሽፋን ይህቡ (ኣካላዊ ጥዕና፣ ኣእምሮዊ ጥዕናን ናይ ብዘይግቡዕ ኣጠቓቕማ መድሓኒት ንዝመጽእ ሕማም ዝዋሃቡ ኣገልግሎታት ሕክምና)



# ናይ ጥዕና ክንክን ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል

## መተርጎሚ ክድልየካ ይኽእል

ኢንግሊዝኛ ትመርፆ ቋንቋ እንተዘይኮይኑ ወይ ምስማዕ ዝተስኣኖ፣ ምስማዕን ዓይንን ዝተስኣኖን ምስማዕ ዝፅገም ምስዘይትኽእል፣ ናይ ምልክት ቋንቋ ሓዊሱ ብኩሉ ቋንቋታት ናይ ትርጉም በዓል ሙያታት ንዓኻ ተዳልዮም ኣለው፡ ፡ናይ ጥዕና ክንክን ቆፀሮ ክትሕዝ ከለኻ ኣስተርጓም ዘድልየካ እንተድኣ ኮይኑ ነታ ተቐባሊት ጋሻ ኣፍልጣ፡፡ እቲ ናይቲ ዝዝረብ ቋንቋ መተርጎሚ ኣብ እዋን እቲ ቆፆሮ ናብቲ ኣቕራቢ ቤት ፅሕፈት ክኸድ ወይ ብስልኪ ክርከብ ይኽእል፡ ፡ ናይ ምልክት ቋንቋ መተርጎሚ ኣብ እዋን እቲ ቆፆሮ ናብቲ ኣቕራቢ ቤት ፅሕፈት ክኸድ ወይ ብቪድዮ ክርከብ ይኽእል፡፡

ስድራ ወይ መሓዙት ኣስተርጎምቲ ካብ ምምፃእ እዞም በዓል ሞያ ኣስተርጎምቲ ምጥቃም ይምረፅ፡፡ እቶም ኣስተርጎምቲ ናይ ጥዕና ክንክን ቃላት ዝሰልጠኑ እዮም፡፡ ንስኻን ኣቕረቢኽን ንክትረዳድኡ ክሕግዙኻ እዮም፡፡ ተወሳኺ ንምፍላጥ hca.wa.gov/interpreter-services፡፡

## ስንክልና እንተድኣ ኣለኩም

ናይ ምዝራብ ወይ ምስማዕ ወይ ናይ ምንቅስቓስ ስንክልና እንተድኣ ኣለኩም ቆፆሮ መዓዝ ከም ትሕዙ ንተቐባሊት ጋሻ ክትሕብር ይግባእ፡፡ ተቐባሊት ጋሻ ኣገደስቲ ዝኾነ ምትዕርራያት ንኽትገብር ክትሕግዘካ እያ፡፡

ምስማዕ ዝተስኣኖ፣ ምስማዕን ምርኣይ ዝተስኣኖ፣ ወይ ምስማዕ ዝፅገም እንተድኣ ኮይንካን ናይ ምልክት ቋንቋ ኣስተርጓሚ እንተድኣ ደሊኻ ብኽብረትካ ነታ ተቐባሊት ጋሻ ኣፍልጣ፡፡ በዓል ሞያ ኣስተርጎምቲ ብናፃ ቅሩባት እዮም፡፡

## ኣብ መጎዓዓዝያ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ

ናብ ጥዕና ክንክን ቆፀሮኻ መጎዓዝያ ብናፃ ንምርካብ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡፡ እዚ ቆፀሮ Apple Health ንዝሽፍኖም ኣገልግሎት ክኸውን ይግባእ፡ ፡ መብዛሕትኦም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ዓይነት መጎዓዝያ ዘካትቶ፡ ናይ ህዝቢ መመላለሲ፣ ናይ ጋዝ ቮቸር፣ ዓማውልን ወለንታዊ ማይሌጅ ካሕሳ፣ ወለንታዊ ገናሕቲ፣ ታክሲ፣ ዊልቸር ቫን ወይ ተንቀሳቓሲን ንግዳዊ ኣውቶቡስን ኣየር፡፡ ናይ ደለልቲ ዝርዝር ብ hca.wa.gov/transportation-help ይርከብ፡፡





## ንሕቶታትኩም ኣበይ ምላሽ ትረኽቡ

| ብዛዕባ ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩካ፣ | ፍልፍላትና |
|---|---|
| • ናይ Washington Apple Health (Medicaid) ሽፋን | ኦንላይን፡ **hca.wa.gov/apple-health** |
| • ናይ ጥዕና ትልሚ ምቕያር<br>• ንባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት ብቑዕነት<br>• ናይ ኣገልግሎት ካርድታት<br>• ናብ ካልእ ካውንቲ እንተድኣ ለዊጥካ ብኸመይ ኣገልግሎት ትረክብ | Apple Health ናይ ዓማውል ኣገልግሎት ብ 1-800-562-3022 ርኸብ ወይ ሕቶኻ ብ **https://fortress.wa.gov/hca/p1contactus/** ለኣኽ፡፡ |
| • ባህርያዊ ጥዕና ኣቕራቢ ምምራፅ<br>• ናይ ሽፋን ኣገልግሎት<br>• ናብ ባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት<br>• ካርዲ ትልሚ ጥዕና | ናይ ባህርያዊ ጥዕና ትልሚ፡፡<br>ናይ ባህርያዊ ጥዕና ትልሚ ቁፅሪ ቴሌፎን ኣብዚ ማንዋል ገፅ 7 ይርከብ፡፡ |
| ከም እቶት፣ ኩነታት ሓዳር፣ ጥንሲ፣ ወሊድ ወይ ምዕባይ ቆልዑ ዝኣመሰሉ ናይ ሒሳብ ለውጥታት፡፡ | ናይ ህፃናት ሽፋን፣ ውልቃዊ ዓበይቲ፣ ነፍሰ ፆር ውልቀ ሰባት፣ ወለዲ/ተኸናኸንቲ:<br>**wahealthplanfinder.org** ወይ ናብ 1-855-923-4633<br>(TRS: 711) ደውል<br><br>ዕድምኦም ንዝደፍኡ፣ ዓይነ ስውር ወይ ስንክልና ወይ ናይ ነዊሕ እዋን ኣገልግሎትን ደገፍን ሽፋን፡<br>**washingtonconnection.org** ወይ ናብ 1-877-501-2233<br>(TRS: 711) ደውል፡፡ |

HCA ንማዕረ ተበፃሕነት ውፉይ እዩ፡፡ መንበሪ ወይ መረዳእታ ብኻልእ ቋንቋ ወይ ቅዲ እንተድኣ ደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ናብ1-800-562-3022 (TRS: 711) ደውሉ፡፡

